## 1ይ ክፋል ኣፈጣጥራ ዓለም

ብመጀመርያ ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ፈጠረ። ምድሪ ድማ በረኻን ጥራያን ነበረት፣ ጸልማት ከኣ ኣብ ልዕሊ መዓሙቕ ነበረ። ኣምላኽ ግና ነቲ ጸልማት ስለ ዘይፈተዎ ብርሃን ይኹን በለ። ብርሃን ምስ ኮነ፣ ኣምላኽ ጽቡቕ ምዃኑ ረኣየ እሞ፣ ነቲ ብርሃን ካብ ጸልማት ፈለዮ። ኣምላኽ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ነቲ ጸልማት ድማ ለይቲ ኣውጽኣሉ። እዚ ኣብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኾነ።



ካልኣይ መዓልቲ ከኣኾነ፥

ኣምላኽ ድማ ንማያት ካብ ማያት ዝፈሊ ጠፈር ይኹን በለ። ነቲ ጠፈር ከኣ ሰማይ ኣውጽኣሉ።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ድማ፥

ኣምላኽ ነቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ማያት ኣብ ሓደ ቦታ ኣከቦ እሞ፤ ነቲ ንቑጽ ምድሪ ኣውጽኣሉ፣ ነቲ እኩብ ማያት ድማ ባሕሪ ኣውጽኣሉ። ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ እሞ፥ እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዝህብ ቡቕልን ኩሉ በብዓይነቱ ፍረታት ዝፈሪ ኣእዋምን ተውጽእ በለ፥ ከምኡ ድማ ኾነ። ኣምላኽ ከኣ እዚ ኩሉ ጽቡቕ ከምዝኾነ ረኣየ።



ዛንታታት መጽሓፍ ቕዱስ

<u>ራብዐይቲ መዓልቲ፥</u>

ኣምላኽ ንመዓልቲ ካብ ለይቲ ዝፈልዩ፣ ንመዓልታትን፣ ዓመታትን፣ ዘመናትን መፈለጥታ ዝኾኑ ኣብ ሰማይ ብርሃናት ይኹኑ በለ። ጸሓይ ኣብ መዓልቲ ከተብርህ፥ ወርሕን ከዋኽብትን ድማ ብለይቲ ከብርሁ ገበረ። ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ።



<u>ሓምሰይቲ መዓልቲ፥</u>

ኣምላኽ ኣብ ባሕሪ ንዝነብሩ ኲሎም ዓሳታት፣ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ንዝነፍራ ኩለን የዕዋፍን ፈጠረ። ኣምላኽ ድማ ፍረዩን ተባዝሑን ንማያት ምልእዋ፤ የዕዋፍ ድማ ኣብ ምድሪ ይብዝሓ በለ።



ዛንታታት መጽሓፍ ቅዱስ

<u>ሳድሰይቲ መዓልቲ</u>፥

ኣምላኽ ንበብዓይነቶም እንስሳታትን ለመምትን ኣራዊት መሮር በረኻን ፈጠረ፥ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ከኣ ረኣየ። ኣምላኽ ድማ ከም ምስልና ሰብ ንግበር በለ። ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፥ ኣብ ኣፍንጭኡ ትንፋስ ህይወት ኡፍ ምስ በለሉ ድማ እቲ ሰብ ህይወት ነፍሲ ኮነ፥ ኣብ ልዕሊ ኲላ ምድሪ ኪገዝእ ድማ ተዋህቦ። ኣምላኽ ከኣ ነቲ ሰብ ኣዳም ኢሉ ሰመዮ።



<u>ሳብዐይቲ መዓልቲ</u>፥

ኣምላኽ ካብ ኲሉ ስሩሑ ኣዕረፈ፥ ነዛ መዓልቲ ድማ ባረኻን ቐደሳን።





************************************************************************************************************

<u>እንታይ ተማሂርካ፥</u>

ነዞም ዝስዕቡ ቓላት፥ ኣብዛ ብጎኒ ዘላ ሰንጠረዥ ርኸብ። ሓንቲ ኣብነት ተሰሪሓ ኣላ።

1. ዓለም
2. ብርሃን
3. ጸልማት
4. በረኻ
5. መዓልቲ
6. ለይቲ
7. ንቑጽ ምድሪ
8. ባሕሪ
9. ፍረታት
10. ኣእዋም
11. ጸሓይ
12. ወርሒ
13. ከዋኽብቲ
14. ኣዳም
15. እንስሳታት

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፍ | ረ | ታ | ት | ፈ | ሪ | ሰ | ወ | ት |
| ት | ይ | ኽ | ይ | ድ | ት | ማ | ል | ጸ |
| ብ | ሓ | ዓ | ም | ሪ | ከ | በ | ረ | ኻ |
| ር | ጸ | ጽ | ኣ | እ | ዋ | ም | ዳ | ኣ |
| ሃ | ቑ | መ | ለ | ሕ | ኽ | ለ | ለ | ፍ |
| ን | ኻ | ወ | ሪ | ይ | ብ | ኽ | ዘ | ዓ |
| ረ | ር | መ | ዓ | ል | ቲ | ሪ | ሕ | ባ |
| ሒ | እ | ን | ስ | ሳ | ታ | ት | በ | ረ |

## <u>*ኣዝጉኑኒ*</u>

- <u>ኣዝጉኑኒ</u>
- <u>ብምንታይ</u>
- ብቐለም!!
- እንታይ ኣለካ/ኪ በዓል ቀለም
- እግዚኣብሄር እዩ ፈጢርዋ ንዓለም።

